# ወራዙትን ከም ዓይበት ይቅደዱ ኳል መኣምን ድማ ጥራጥ ተራእዩዋ

ኣብቲ ፖለቲካዊ ገበጣ ናይ ሰብ ቶሉይ ረብሓ ኣትያ ወያነ ናይ ኣመንዝራ እጃም ክትጻወት ትክእል እያ፡ እዚ ማለት ግን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቃልዕ ክውቃዕ እዩ፡ መኣዝኑ ከጥፍእ እዩ፡ ኢሉ ዝሓስብ “ጎይታን” ኣብ ራዕዲ ትነብር ጉጅለ ማለሊት እንተሊያ፡ ነቲ በጀካ ክብረት ሃገሩ ካልእ ጻማ ዘይጽብ ኣብዛ ነገራዊት ዓለም ህዘቢ ኤርትራ ዘይምፍላጥ እዩ::
ድሕሪ እትኩሉ ኣታሊላን ወስሊታን ኣብ ኪናት ዝሸመመቶ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕጂ ዳግማይ ወያነ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ግዜ ዝሰርር ኪናት ከተካይድ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ንኩሉ ዓወት ናይ ኪናት ዘማእዝን ረቋሕታት እንተሪኢና ጉጅለ  ወያነ ኣብ ልሳን ተሓቢኣ ትነብር ደቃቅ ባእታ እያ።

ኪናት ኣብ ታሪክ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ኣይፈልጥን እዩ፡ ተነሲዑ ጥራይ እዩ ኣትይዎ፡ ሕጂውን ቃንዛ ኪናት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ኤርትራ ስለ ዘሎ ምርጫ ህዝቢና ኣይኮነን፡ወያነ ናይ ጎይቶታ ዕላማ ክተተግብር ኣብ ዘየድሊ ምዚ ክቡር ህዝቢ እንተ ኣትያ ግን እቲ ህዝቢ ንሱ እዩ፡ እታ ኣናብስ ዝወለደት ማህጸን ሕጂ ደቂ 21 ዓመት መግዛእትን ወረ መግዛእትን ዘይፈልጡ፡ካሻን ቴኖን ናይ ረዲኤት ዘይረኣዩ፡ ሰሪሕካ ጥራይ ከምዘብላዕ ዝፈልጡ፡ ኮተቴ ኣናብስ እያ የዕሺካ ትርከብ።
እንተቲ ንዓወት ናይ ዝኮነ ነገር ዝውስን ሓጺናዊ ኤርትራዊ መንፈስ (ስነኣእሙራዊ ኣቃውማ) ሕመረት ናይ ኩሉ ነዛ ኤርትራ ኤርትራና ዝገበረ ዝቅየር ኣይኮነን።

ኣብ መጨረሽታ ጉጅለ ወያነ ዘየቅለበትሉ ዓንዲ ነገር ሕቶ ሃገር እዩ  ክሕተት ኤርተራዊ።

ሳዕቤኑ ድማ ንወያነ ምሕዩ ክድርብያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ውጽኢት ሕሱር መስፍናዊ፡ ፈላላይ፡ ሓሳድ፡ ወስላት፡ ኣብ ወድዓዊ ዘይኮነ ኣብ ጭንቀትን ራዕድን ዝተሞረከሰ ምሕደራ ዝተበታተከት ኢትዮጲያ ናይ ምክሳት ተክእሎ እዩ ዘከትል።

እዚ ድራማ ናይ ለንቅነ ድኣ እንታይ ኣምጽኡ ንሳን ጎይቶታን እንታይ እዮም ዝብሉ ዘለዉ?

ወያነ “መሬት ኤርትራ 16 ኪሎ ሜተር ኣቲና ሰለስተ ኖቅጣታት ኣጥቂዕና ዕዉት ስርሒ ትሰሪሕና፡ተደጋጋሚ ዝተጋውሐ ከኣ፡ በጃ እቶም ጎይቶት ቱሪሰት ጀርመናውያን ካልኦትን ኢና ጌርናዮ እንታይ ትጽበዩ ካባና እዩ ነገሩ።

ካልኣይ ዝተጋውሐ ሰላም እነተተደልዩ ሕጂውን ከነነጽሮ ሰላም እዩ እቲ ምርጫ፡፡ ወያነ ኣብ ቅድሚ ህዝበይ ትብሎ ምሕሳው ርዒማቶ ስለዘኮነት ጸገም የብላን፡ ደድሕሪ ሓሶታ ኬድካ ክትንትን ግን ኣብ ታኬልኣ እዩ ዘዙርቅ፡ እቲ ተክእሎታት ግን  ወያነ ዝተዋህበቶ

ተልእኮ መንግስቲ ናይ መቅያር ኣይሰለጠን፡፡
1.1 ውድባት በቲ ድሑር መስፍናዊ ንህዝቢ ኤርትራ ጎጃጂሉ ዘናቁት ከተቅውም ፈቲና ኣይሰለጠን ክፍተን ይከኣል እዩ እዚ ግን ህዝቢ ኤርትራ ቅድም ኣብ ታሪክ ረጊጽዎ ሓሊፉ እዩ።
1.2  ናይ ምሁራት ኢላ ውን ክትኣካክብ ፈቲና እዚውን ከይተበገሰ ቆሊዑ

1.3 ሕጂውን መንእሰያት ንለውጢ ኢላ ክትፍትን እያ ይበሃል እዩ እዚውን ኣይሰርሕን እዩ። ሕጽረት መረዳእትኣ ዝኮነ ኤርትራዊ ብእኩብ ክሽየጥ ህዝቡን ሃገሩን የሕሊፉ ክህብ ቅሩብ ኣይኮነን፡ እዚ ጽዩፍ ተግባር ስነምግባር ናይዚ ህዝቢ ኣይኮነ።

2.1 ነቲ ተቆጻጻሪ ኮሚተ ድሕሪ 6 ወርሒ ጸብጻቡ ዘቅረብ ንምጽላውከ፡ ኤርትራ ናይ ዓፋር ግብረሽበራ ሓጊዛ እንህልኩም ከምናይ ኣዲሳበባ ክትብል ንድራማ እንተሓሰበትከ፡

3.1 ነቲ ገዛ ገዛ ትኹሕኽሓሉ ናይ ሰላም ድሌት ከምዘለዋ በቲ ሓደ ላዕለዋይ ኢድ ከም ዘለዋ በቲ ካልእ ኸ፡

4.1 ናይ ህዝቢ ኢትዮጲያ ጽልኢ ሰማይ ዓሪጉ ዋላኳ እቲ ህዝቢ ዒስራ ሰብ ብሓደ ሰብ እናተሰለየ ይንበር ድቃስ ስለ ዝከልኣ ኣድህቡኡ ንምጥምዛዝከ፡

4.2 ሩሕ ከምዘለዋ መሲላ ክትርኤ ኣብቅድሚ ማ/ዓለም ማዕከናት ዜና ከምዘሕተፍትፋ ምግባርከ፡
እነተታት ብዙሕ እዩ እቲ ኮይኑ እዚ ኣብ ቅንዕና ስለ ዘይስረት መወዳእትኡ ፍሽለትእዩ።

ኣሜሪካከ እንታይ በሉ፡
ዋላ ኣጥቂዔ ትበል “ ክልቲኦም ነብሶም ከገትኡ ተወሳኪ ወትሃደራዊ ረጽሚ ከወግዱ ጸዊዕናዮም ኣለና ይብል እሞ፡ ተወሳኪ መብርሂ ንደሊ ኣለና  ናይቲ መበገሲ ሓሳብ ከምኡመግበሪኦም ይብል።
መስደመም ኢልካ ምሕላፍ ይሓይሽ፡ ከምኡ መግበሪኣ ግን ናቶም መምርሒ ስለዝኮነ፡ ንኣስታት 60 ዓመት ንድሕሪት ተመሊሶም ካብቲ ብፌደረሽን ዘቁረንዎ ነዚ ህዝቢ ፋይላቶም ገነጺሎም ይርኣዩሞ እቲ መብርሂ ኣብኡ ኣሎ

ኤ/ሕብረት ድማ  ክልቲኡ ወገን ካብ ረጸሚ ነብሱ ክገትእ ነቲ ኣብ ሞንግኦም ዘሎ ጸገም ኣታዓራቂ መፍትሒ ከረክበሉ ይጽውዕ።
ናይ መወዳእታን ቀያድን ማለት እነታይ ማለት እዩ? ኣብ ገዛካ ኣትዩ ኣብ ንእድካ ኮፍ ዝበለ ብዛዕባ እነታይ ኢካ ከትዛተዮ ኣቤናይ ቆፎ ዘሎ እክሊ ከምዝወስድ?እንተቲ ንወያነ ዘዕለብጣ ዘሎ ግን ብርግኣት፡ ነብሰተኣማንነት፡ ኣብ ግዜ ብዘርዝዝ፡  ርዝነት ናይዚ ረዚን ህዝቢ ዕርቃና ክወጽእ እዩ።

ምሕረትኣብ ዓንደብርሃን

ዓወት ንሓፋሽ